ማእከልነት ክርስቶስ ዝወስድ ኵሉ ዓይነት ምህሮታት ርጉም ይኹን! (ኣናተማ!)
<=========================================================➔

# *(1ይ ክፋል)*

እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ፡ ብፍላይ ንኽፉእነት እዚ፡ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ዶክትሪን እትቃልዕ እያ። ዝሰምዕ እዚ ንዘለዎ ኵሉ ድማ፡ ደወላዊ መልእኽቲ እያ።

ነርባዕተ ዕላማታት እየ ብቀጻልን ብዘይ ምሕላልን ዝጽሕፍ፥

- 1ይ) ንጥብቅነት እታ ሓቂ ኣምላኽ። እታ ሓቂ ኣምላኽ ተጣበቅቲ ትደሊ እያ (ፊሊጲ 1፡16)፣ እታ ሓቂ ኣምላኽ መዓይይቲ ትደሊ እያ (2 ዮሃንስ 1፡8) ።

- 2ይ) ነቶም ናይ ሓቂ ተኸተልቲ ጎይታና መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ፡ ካብቲ ንብዙሓት በኪሉ ዘሎ ምህሮ ስሕተት ርእሶም ኪሕልዉ፡ ደወል ንምድዋል፡ ንምንቃሕን ንምጥንቃቕን።

- 3ይ) ካብዞም ነዚ ምህሮ ስሕተት እዚ "ናትና እዩ!" ኢሎም ነኺሶም ሒዘሞ ዘለዉ ብዙሓት ሰባት፡ ዘምልጡ ገለ ሒደት ተረፍ እንተ ተረኽቡ፡ ንምምላጦም።

- 4ይ) "ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንሕሊና ኹሉ ሰብ ነታ ሓቂ እናገለጽናሉ" (2 ቈረ 4፡1) => ሰባት እንተስ ልቦም ከትርሩ፣ ወይ ድማ፡ ትምህርቶም፡ ዶክትሪኖም፡ መገዶም መርሚሮም ናብ ኣምላኽን ናብቲ ማእከላይ (central) ምኽሩ ክምለሱ፡ እታ ሓቂ ኣምላኽ ኣብ ሕልና ነፍሲ ወከፎም ኪትንገር ግቡእ እዩ።

እዚ፡"ሰብ መንፈስ እዩ ነፍሲ ኣላቶ ኣብ ስጋ ይሓድር" ዝብል ዶክትሪን ምንቅስቓስ ቃል እምነት፣ ካብቲ ዝፈጥሮን ዝገብሮን ዚዓበየ፡ ዝለዓለን ኣዝዩ ክፉእ ምዝባዕን ሓደ፡ ካብቲ ኣብቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ብንጹር ተገሊጹ ዘሎ ዘለኣለማዊ ምኽሪ ኣምላኽ ኪትዝምብል ምግባር እዩ። ኣምላኽ ንሰብ ብፍሉይ መገዲ፡ መንፈስ ነፍስን ስጋን ዘለዎ ገይሩ ብመልክዑ ከም ምስሉ ናይ ምፍጣሩ ዝለዓለን እተፈልየን ዕላማን ምኽርን፣ ሰብ ብኵለንተናኡ (ብዘሎ መንፈሱ፡ ነፍሱን ስጋኡን ብሓንሳእን ብማዕረን) ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መትሓዚ (Eternal Container)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ኣቕሓ (Eternal Vessel)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ማሕደር (Eternal Tabernacle) ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መቕደስ (Eternal Temple)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መንበርን፡ (Eternal Dwelling place)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መግለጽን (Eternal Expression) ንኺከውን እዩ ። እዚ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ዶትሪን ግና፡ ኣብዚ ዚዓበየ ምኽሪ ኣምላኽ እዚ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ርእሰኻ ከተተኵር ብምግባር፣ ነዚ ዚዓበየ ምኽሪ እዚ ከም እትስሕቶን ካብዚ ከም እትዝምብልን እዩ ዚገብረካ። እዚ ከኣ፡ ካብቲ ነቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ዝዓበየ ምልክት ካብ ምስሓት ብዋላ ሓደ ኣይንእስን ወይ ኣይፍለን እዩ (This is nothing less than missing the greatest mark of the Bible!)

ሰብ፡ ብኹለንተናኡ (ብዘሎ መንፈሱ፡ ነፍሱን ስጋኡን ብሓንሳእን ብማዕረን)፣ ፍሉይ ናይ ኣምላኽ መትሓዚ፡ ፍሉይ ናይ ኣምላኽ ኣቕሓ ክብሪ፡ ፍሉይ ናይ ኣምላኽ ማሕደር፡ ፍሉይ ናይ ኣምላኽ መቕደስን ፍሉይ ናይ ኣምላኽ መግለጽን (መግለጺ መልክዕ ኣምላኽ) ንኪኸውን ከም እተፈጥረ፥ ነዞም ዝስዕቡ ጽሑፋት ብምስትውዓል ተመልከቱ!

ኣብ ኢሳይያስ 43፡6 "ንሰሜን፡ ኣምጽእ፡ ንደቡብ ከኣ፡ ኣይትኽላእ፡ ነወዳተይ ካብ ርሑቕ፡ ነዋልደይ ካብ ወሰን ምድሪ፡ ነቲ ብስመይ እተጸውዔ ዘበለ ኹሉን ንኽብረይ ዝፈጠርክዎን ዝደኰንክዎን ዝገበርክውን ኣምጽኡዮ፡ እብል ኣሎኹ።" ይብል።

ሕራይ፡ እሞ ሰብሲ፡ ብኸመይ መገዲ እዩ ንኣምላኽ ዘኽብሮ፧ ኣምላኽ ኪግለጽ ከሎ እዩ ዝኽብር። ሓደ ስዉር ዝኾነ ነገር፡ ክብሩ ኣይፍለጥን እዩ። እቲ ነገር ክሳዕ ዘይተገልጸ እዋን፡ ኣይከበረን። ኣምላኽ ከኣ ኪግለጽ ከሎ እዩ ዝኽብር። እምበኣር እዚ፡ ብ ኣምላኽ እተፈጥረ፡ እተደኰነን  እተገብረን ሰብ፡ ንኣምላኽ ዘኽብሮ፡ ንኣምላኽ ምስ ገለጾ ጥራይ እዩ። ሰብ ንኣምላኽ ንኪገልጾ፡ እንታይ ኪገብር ኣለዎ፧ ከም መልሲ ናይዛ ሕቶ እዚኣ፡ ብዙሓት ነገራት ንጠቕስ ንኸውን። እቲ ትኽክለኛ መልሲ ግና፡ ንሱ ዘይኪኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ሮሜ 9፡21 ከምዚ ይብል፡ "ወይስ ሰራሕ መሬትዶ ኻብ ሓደ ጽቡር መሬት ገሊኡ ንኽብረት ገሊኡውን ንሓሳር ዚኸውን ኣቓሑ ኺሰርሕ፡ ኣብቲ መሬት ስልጣን የብሉን እዩ፧" => ኣብዚ ነዛ "ኣቕሓ" እትብል ቃል ነቕልበላ! መፍትሕ ዝኾነት ቃል እያ። እዛ ጥቕሲ ኣቑሑ ኽብረትን ኣቕሑ ሓሳርን ከም ዘሎ እያ እትገልጽ ዘላ። ቀጺልና ምስ እነንብብ፣ ኣብ ሮሜ 9፡23 ከምዚ ይብል፡ "እዚ ኸኣ ነቶም ቀደም ንኽብሪ ዘዳለዎም ኣቓሑ ምሕረት እቲ ሃብቲ ኽብሩ ምእንቲ ኺፍልጦም" => ኣብዚ ድማ፡ "ኣቓሑ ምሕረት" እትብል ኣገዳሲት ሓረግ ኣላ። እዚ "ኣቑሑ" ዝብል ቃል፥ ብእንግሊዝኛ፡ "vessel" እዩ ዝብል። ትርጉም እዚ ቃል ድማ፥ መዕቀሪ፡ ዕትሮ፡ በርሚል፡ መትሓዚ፡ ኣቕሓ ዝብሉ ትርጉማት ኣለዎ። "21 Hath not the potter power over the clay, of the same lump to make one vessel unto honour, and another unto dishonour? 23 And that he might make known the riches of his glory on the vessels of mercy, which he had afore prepared unto glory"

ኣብ 2 ቈረንቶስ 4፡7 ድማ፡ ከምዚ ይብል"ግናኸ እቲ ማእለያ ዜብሉ ሓይሊ ካብ ኣምላኽ እምበር፡ ካባና ምእንቲ ኸይከውን፡ እዚ መዝገብ እዚ ኣብ ኣቕሓ መሬት እዩ ዘሎና።" => ኣብዚ ከኣ "ኣቕሓ መሬት" ይብል።

ኣብ 2 ጢሞቴዎስ 2፡20፡ "ግናኸ ኣብ ዓብዩ ቤት ካብ ዕጨይትን መሬትን ዝኾነ ኣቓሑ ድማ እምበር፡ ኣቓሑ ወርቅን ብሩርን ጥራይ ኣይኰነን ዚርከብ፡ ገሊኡ ንኽብረት ገሊኡውን ንውርደት ይኸውን።" => ኣብዚ ከኣ፡ "ካብ ዕጨይትን መሬትን ዝኾነ ኣቓሑ" ኣሎ፣ "ኣቓሑ ወርቅን ብሩርን" ድማ ኣሎ።

ኣብ 2 ጢሞቴዎስ 2፡21 ድማ፡ "እምብኣርሲ ሓደ እኳ ርእሱ ኻብ እዚኣቶም እንተ ኣጽረየ፡ ንሱ ንኣቕሓ ኽብሪ እተቐደሰ፡ ንተግባር ብዓል ቤት ዚጠቅም፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ እተዳለወ ይኸውን እዩ።" ይብል። => "ንሱ ንኣቕሓ ኽብሪ እተቐደሰ፡ ንተግባር ብዓል ቤት ዚጠቅም፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ እተዳለወ ይኸውን እዩ።" ("Therefore if anyone cleanses

himself from the latter, he will be a vessel for honor, sanctified and useful for the Master, prepared for every good work”)

ነዞም ጽሑፋት ከነጠቃልሎም ከሎና፥ ኣምላኽ ንሰብ ንኽብሩ ከም ዝፈጠሮ ከም ዝደኮኖን ከም ዝገበሮን። ኣምላኽ በቲ ንኽብሩ ዝፈጠሮ፡ ዝደኮኖን ዝገበሮን ሰብ ዝኸብር ድማ፡ ኣምላኽ ምስ ተገልጸ ጥራይ ከም ዝኾነ፣ እንተዳኣ ሰብ ን ኣምላኽ ብትኽክል ኪገልጾ ኮይኑ ከኣ፡ ሰብ ጽሩይ መዕቆሪ ኣምላኽ፡ ጽሩይ ኣቕሓ ኣምላኽ፡ ጽሩይ ዕትሮ ኣምላኽ፡ በርሚል ኣምላኽ፡ መትሓዚ ኣምላኽ ኪኸውን ኣለዎ። እቲ ሰብ፥ እቲ መዕቆሪ፡ እቲ ኣቕሓ፡ እቲ ዕትሮ፡ እቲ በርሚል፡ እቲ መትሓዚ እዩ። ኣምላኽ ድማ፡ እቲ ነቲ መዕቆሪ፡ ነቲ ኣቕሓ፡ ነቲ ዕትሮ፡ ነቲ መትሓዚ ዝመልእ ትሕዝቶ እዩ።

ናብ ሓድሽ ኪዳን ክንመጽእ ከሎና፣ ኣብቲ ኣርባዕተ ወንጌላት ቅድሚ ስቕለት ማለት እዩ፣ ጎይታና መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ማሕደር ኣምላኽ፡ መቕደስ ኣምላኽ ነይሩ። ካብቲ ጎይታና መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ፡ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ሒዝዎ እተገልጸ እተፈለይን ዝለዓለን መንነት ሓደ፡ ንሱ ማሕደር ኣምላኽ ምዃኑ (ዮሃ 1፡14) ንሱ መቕደስ ኣምላኽ ምዃኑ (ዮሃ2፡ 19-21) እዩ። “እቲ ቓል ስጋ ዀነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኣብ ኣባና ሐደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኤና” (ዮሃ 1፡14) ። እዚ ኣብዚ “ሓደረ” ዝብል ቃል፡ “tabernacle” ገበረ እዩ ዝብል። (“14 And the Word (Christ) became flesh (human, incarnate) and tabernacled (fixed His tent of flesh, lived awhile) among us; and we [actually] saw His glory (His honor, His majesty), such glory as an only begotten son receives from his father, full of grace (favor, loving-kindness) and truth;” Amplified Bible).

ኣብ ዮሃንስ 2፡ 19-21 ድማ ከምዚ ይብል “የሱስ ድማ፥ ነዛ ቤተ መቕደስ እዚኣ ኣፍርስዋ፡ ኣነ ኸኣ ብሰለስተ መዓልቲ ኽልዕላ እየ፡ ኢሉ መለሰሎም። 20 እቶም ኣይሁድ ከኣ፥ እዛ ቤተ መቕደስ እዚኣ በርብዓን ሹዱሽተን ዓመት እያ እተሃንጸት፡ንስኻዶ ብሰለስተ መዓልቲ ኸተልዕላ ኢኻ፧ በልዎ። 21 ንሱ ግና ብዛዕባ መቕደስ ስጋኡ እዩ እተዛረበ።” ኣብዚ ጥቕሲ 21፡ ብንጹር ማለት እዩ፡ ስጋና ጎይታና የሱስ ክርስቶስ መቕደስ ኣምላኽ ከም ዝነበረ ተዛሪቡ። “ንሱ ግና ብዛዕባ መቕደስ ስጋኡ እዩ እተዛረበ።”

“ኣነ መንፈስ እየ፣ ኣነ ኣማልኽቲ እየ!’ ዝብሉ ቃላት ካብ ኣፍ ጎይታና መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ኣይተሰምዑን። ንሱ እቲ ፍሉይ መቕደስ ኣምላኽ ምዃኑ ግና፡ ኣብዚ ዮሃንስ 2 ብግልጺ ተዛሪቡ! ከም ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ዝበለ፡ ኣምላኽ ተኮር፡ ከም ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ዝበለ ኣምላኽ ማእከል፡ ከም ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ዝበለ ኣምላኽ ኮንሸስ፡ ከም ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ዝበለ እቲ ፍጹም ፍቓድ ኣቦ ተኮር፡ ከም ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ዝበለ እቲ ፍጹም ፍቓድ ኣቦ ማእከልን ኮንሸስን ብፍጹም የለን! እዚ ናይ ጎይታና መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ማሕደርነት ስጋኡ (ዮሃ 1፡14) ፡ መቕደስነት ስጋኡ (ዮሃ 2፡21)፡ ነታ ብናይ መስቀል ሞቱ ብደሙ ዘጥረያ ኤክክለሲያኡ (ግብ 20፡28)፡ ፍልይ መለኮታዊ መርኣያ (Divine Pattern) እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ ከኣ፡ ንኣና ንናይ ሓድሽ ኪዳን ሰዓብቱ፡ እዚ ማለት ነተን ኣብ ከከተማኡ ሓሓንቲ ኤክከልሲያ ኮይነን ዚቆማ ኤክክለሲያታቱ ፡ መቕደስ ኣምላኽ ምዃነን ዝነግረን። ቅድሚ ነቶም ናይ ሓድሽ ኪዳን ጽሑፋት ምምልካትና፥ ሓደ ነቲ ዚዓመቄን ዚጠለቐን ድሌት ኣምላኽ ዝገልጽ፡ መሰረታዊ ሓቂ፡ ካብ ብሉይ ኪንዳን ንመልከት።

ዘጸአት 25፥8-9፡ “ኣብ ማእከሎም ምእንተ ኽነብር ድማ መቕደስ ይግበሩለይ። ከምቲ ዅሉ ኣነ ዘርእየካ ምስሊ እቲ ማሕደርን ምስሊ ዅሉ ኣቓሑኡን፡ ከምኡ ግበርዎ።”

=> እቲ ኣብ ምሉእ ዩኒቨርስ ዚዓመቑ፡ ዚጠለቐ፡ ዚዓበየ፡ ዚለዓለን እተፈልየን ድሌት ኣምላኽ፡ ንሱ ኣብ ማእከል ህዝቡ ምንባር እዩ። ነዚ ከኣ፡ ከም ፍጹም ሰማያዊ ፍቓዱ ብዓብዪ ጥንቃቐ እተሃንጸ፡ ፍሉይ ማሕደር፡ ፍሉይ መቕደስ የድልዮ። እዚ ናይ ብሉይ ኪዳን ማሕደር ኣምላኽ፣ ድሒሩውን ብንጉስ ሰሎሞን እተሃንጸ መቕደስ ኣምላኽ (1 ነገ 6፡2)፣ ሰለስተ ክፍልታት ኣለዎ።

1ይ) እቲ መሰውእን መሕጸቢ ገበራን ዝሓዘ ኣጸድ፣
2ይ) እቲ እንጌራ ምርኣይን ቀወምቲ ቀንዴልን ዝሓዘ ቅዱስ ቦታ
3ይ) እቲ ታቦት ኣምላኽ ዝሓዘ ቅዱስተ ቅዱሳን

እዚ ሰለስቲኡ ክፍልታት እዚ፡ ካብ ነሓድሕዱ ፈጺሙ ኣይነጻጸልን እዩ። ኣድላይነት ሰለስቲኡ ድማ፡ ኣብ ሕቶ ምልክት ዚኣቱ ፈጺሙ ኣይኮነን! እቲ ቅዱስ ቦታን ቅዱስተ ቅዱሳንን ብዘይ እቲ ኣጸድ ኪህሉ ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ። እቲ ኣብቲ ኣጸድ ዘሎ፡ መሰውእን መሕጸቢ ገበራን፡ ኣብቲ ቅዱስ ቦታን ቅዱስተ ቅዱሳንን ፈጺሙ የለን። ብዘይ እቲ ኣብቲ ኣብ ኣጸድ ዘሎ መሰውኢ ዝፈሰሰ ደም ድማ፡ ናብቲ ቅዱስ ቦታ ኮነ ወይስ ቅዱስተ ቅዱሳን ምእታው ፈጺምካ ኣይከኣልን እዩ። እቶም ካህናት፥ ኣብቲ ኣብ ኣጸድ ዘሎ ገበራ ጸርዮም ከይተሓጽቡ፡ ናብቲ ቅዱስ ቦታ ኮነ ወይስ ናብቲ ቅድስተ ቅዱሳን ኪኣትዉን ብቁዕ ኣገልግሎት ኬገልግሉን ፈጺሞም ኣይክእሉን እዮም። ልክዕ ከምኡ ድማ፡ እቲ ኣብቲ ቅዱስ ቦታ ዘሎ 12 እንጌራ ምርኣይን እቲ ቀወምቲ ናይ ወርቂ ቀንዴልን፡ ኣብቲ ቅድስተ ቅዱሳን ፈጺሙ የለን። ወይ ድማ ኣብቲ ኣጸድ የለን። እቲ ኣብቲ ቅድስተ ቅዱሳን ዘሎ ነገራት ከኣ፡ ኣብቲ ኣጸድ ኮነ ወይስ ኣብቲ ቅዱስ ቦታ ፈጺሙ የለን። እዚ ሰለስቲኡ ካብ ነሓድሕዱ ፈጺሙ ዘይነጻጸልን ዘይፈላለን ክፍልታትን ትሕዝቶታትን ዘለዎ ናይ ብሉይ ኪዳን ማሕደር ኣምላኽ፡ ናይ ብሉይ ኪዳን መቕደስ ኣምላኽ፥ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ነቲ ማሕደር ኣምላኽ/መቕደስ ኣምላኽ ዝኾነ ናይ ሰብ ኵለንተና እዩ ዘመልክት። ምኽንያቱ ኣብ ሓድሽ ኪዳን፣ ኣምላኽ ብኢድ ሰብ ኣብ እተሃንጸ ድንኳን ወይ ህንጻ/መቅደስ ፈጺሙ ኣይነብርን እዩ። “ነብዪ ኸም ዚብል፡ ሰማይ ዝፋነይ፡ ምድሪ ኸኣ መርገጽ እግረይ እዩ። ከመይ ዝበለት ቤት እያ እትህንጹለይ፤ ወይስ ኣየነይቲ ስፍራ እያ ዝዐርፈላ፤ እዚ ዅሉስ ኢደይዶ ኣይገበረቶን፧ ይብል እግዚኣብሄር፡ እቲ ልዑል ብኢድ ሰብ ኣብ እተሀንጸት ቤት ኣይነብርን እዩ” (ግብሪ ሃዋርያት 7፡ 48-50) ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን፡ ኣምላኽ ኣብ ሰብ (ኣብ ኵለንተና ሰብ) ጥራይ እዩ ዝሓድር፡ ዝነብር፡ ዝሰፍር። ስለዚ ከኣ፡ እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ ናይቲ ድንኳን ምርኻብ ኣጸድ፡ ንስጋ ሰብ እዩ ዘመልክት፣ እቲ ቅዱስ ቦታ፡ ንነፍሲ ሰብ እዩ ዘመልክት፣ እቲ ቅድስተ ቅዱሳን ድማ፡ ንመንፈስ ሰብ እዩ ዘመልክት። ዕላማ ናይዚ ሰለስቲኡ ክፍልታት (ኣካላት) እዚ ግና፡ እንኮ እያ፣ ንሳ ከኣ፡ ብምልኡ፡ ፍሉይ መሕደሪ እቲ ቅዱስ ኣምላኽ፡ ፍሉይ መንበሪ እቲ ቅዱስ ኣምላኽ፡ ፍሉይ መግለጺ እቲ ቅዱስ ኣምላኽ ጥራይ ምእንቲ ኪኸውን!

1 ቈረንቶስ 3፥16 ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ምዃንኩምን መንፈስ ኣምላኽ ኣባኻትኩም ሐዲሩ ምህላዉንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧

1 ቆረንቶስ 3፡17 ሓደ እኳ ነታ ቤት መቕደስ ኣምላኽ እንተ ኣማሰነ፡ ኣምላኽ ኬማስኖ እዩ። ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ቅድስቲ እያ፡ እዛ ቤት መቕደስ እዚኣውን ንስኻትኩም ኢኹም።

1 ቆረንቶስ 6፡19-20 ብዋጋ ተዐዲግኩም ኢኹም እሞ፡ ስጋኹም ቤተ መቕደስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ፡ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ፡ ናይ ርእስኹምውን ከም ዘይኰንኩምዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም፤ ስለዚ ብስጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ።

2 ቈረንቶስ 6፡16 ንመቕደስ ኣምላኽከ ምስ ጣኦታት እንታይ ስምምዕ አለዎ፡ ኣምላኽ፤ ኣባታቶም ክነብር ኣባታቶምውን ክመላለስ እየ፡ ኣነ ኣምላኾም ክኸውን እየ፡ ንሳቶምውን ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ከም ዝበለ፡ ንሕና ቤተ መቕደስ ህያው ኣምላኽ ኢና።

ኤፌሶን 2፡21 ኣብኡ ብዘሎ እቲ ህንጻ ብጐይታ ቅድስቲ ቤተ መቕደስ ምእንቲ ኪኸውን፡ እናተኣሳሰረ ይዓቢ እዩ። ኤፌሶን 2፡22 ንስኻትኩምውን ኣብኡ ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ ክትኰኑ ሐቢርኩም ትህነጹ አሎኹም።

በሉ ተመልከቱን ተጠንቀቑም ኣስተውዕሉን፥ ካብቲ ዝዓበየ ሓደገኛነት ናይዚ "ሰብ መንፈስ እዩ (ንሕና መናፍስቲ ኢና)፣ ሰብ መላኺ እዩ፣ ሰብ (ንሕና) ኣማልኽቲ/ኣምላኽ ኢና፣ ንሕና ክርስቶሳት ኢና ወዘተ" ዝብል ዶክትሪን፥ ኣምላኽ ተኮር (God focused) ዘይኮነስ፡ ሰብ ተኮር (self-focused/man focused) ፡ ኣምላኽ ማእከል (God centered) ዘይኮነስ፡ ሰብ ማእከል (self centered/man centered)፡ ንቕሓተ ኣምላኽ ጥራይ ዘለዎ (God Conscious) ዘይኮነስ፡ ንቕሓተ ገዛእ-ርእሲ (self-conscious)፡ ንቕሓተ ሰብ (man-conscious) ኪትከውን እዩ ዝገብረካ!

እቲ፣ "ኵለንተና ሰብ መትሓዚ ኣምላኽ እዩ፣ ኵለንተና ሰብ ማሕደር ኣምላኽ እዩ፣ ኵለንተና ሰብ መቕደስ ኣምላኽ እዩ፣ ኵለንተና ሰብ ኣቕሓ ኣምላኽ፡ መዕቆሪ ኣምላኽ፡ መትሓዚ ኣምላኽ እዩ፣ ኵለንተና ሰብ ንፍጹም ምግላጽ ኣምላኽ ጥራይ እዩ!" ዝብል ሕመረት ዝኾነ ጥዑይ ትምህርቲ ኣምላኽ ግና፡

- 1ይ) ቅድሚ ኵሉን ልዕሊ ኵሉን፥ ኣምላኽን ኣምላኽ ጥራይን ተኮር፡ ኣምላኽን ኣምላኽ ጥራይን ማእከልን፡ ኣምላኽን ኣምላኽ ጥራይን ንቕሓት ዘለዎ (ኮንሸስ) ኪትከውን እዩ ዝገብረካ! ስለ ምንታይ፤ ኢልና ንሕተት! እስከ ሓንሳእ፡ ነቶም፡ "መትሓዚ ኣምላኽ (God's container)፡ ኣቕሓ ኣምላኽ (God's Vessel) ድንኳን (ማሕደር) ኣምላኽ (God's Tabernacle)፡ መቅደስ ኣምላኽ (God's Temple)፡ መንበሪ ኣምላኽ (God's dwelling Place)፡ መልክዕ ኣምላኽ (God's image)፡ መግለጺ ኣምላኽ (God's expression)" ዝብሉ፡ ነቲ ናይ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ማእከላይ (Central) ዝኾነ ሓሳብ ዝገልጹ ፍሉያት ሓረጋት ንመልከቶም! እንታይ ዓይነት ንቕሓት (Consciousness) ክህልወና ይገብሩና፤ ብቀጻሊ እንታይ ደወል ይድውሉልና፤ እንታይ ተኮር ክንከውን ይገብሩና፤ እንታይ/ወይ መን ማእከል ክንከውንከ ይገብሩና፤ ፍሉይነት እቲ ኣብቲ መትሓዚ ዝነብር ኣምላኽ ተኮር፡ ፍሉይነት እቲ ኣብቲ ኣቕሓ ዝነብር ኣምላኽ ተኮር፡ ፍሉይነት እቲ ኣብታ ምልእቲ ማሕደር ዝነብር ኣምላኽ ተኮር፡ ፍሉይነት እቲ ኣብታ ምልእቲ መቅደሱ ዝነበር ኣምላኽ ተኮር ክንከውን እዮም ዝገብሩና!

- እቲ መልክዕ ኣምላኽ ዝብልሲ፡ “ሎሚ እቲ መልክዕ ኣምላኽ ኣብቲ ሕቡር ማሕደሩ፡ ኣብቲ ሕቡር መቕደሱ ከመይ ኣሎ፡ ኣበይ ኣሎ፧” ክትብል እዩ ዝገብረካ! ካልእ፡ እዞም “መትሓዚ (container)፡  ኣቕሓ (Vessel)፡ ማሕደር (Tabernacle)፡ መቕደስ (Temple)፡ መንበሪ (dwelling Place)፡ መልክዕ (image)፡ መግለጺ (expression)” ዝብሉ ቃላት ባዕሎም፡ ዘመሓላልፍዎ ዓብዪ መልእኽቲ ኣሎ። ንሱ ከኣ፡ ሕቡርነት እቲ ህዝቢ ኣምላኽ እዮም ዝእውጁ! ሓቢርካ ብምትእስሳር ኢኻ ፍሉይ መትሓዚ ኣምላኽ (ኣቕሓ ክብሪ ኣምላኽ) እትኸውን፣ ሓቢርካ ብምህናጽ ኢኻ ፍሉይ ማሕደር ኣምላኽ እትኸውን፡ (“ስኻትኩምውን ኣብኡ ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ ክትኰኑ ሐቢርኩም ትህነጹ ኣሎኹም” (ኤፌ 2፡22)፣ ሓቢርካ ብምህናጽ ኢኻ ፍልይቲ መቕደስ ኣምላኽ እትኸውን (1 ቈረንቶስ 3፡9-17)፣ እታ ሓቢራ እተሃንጸት ኤክክለሲያ ኣምላኽ ጥራይ እያ፡ ነቲ ትኽክለኛን ምሉእን መልክዕ (image) ኣምላኽ እትገልጽ።

-  ግናኸ እስከ ነዞም፡“ሰብ መንፈስ እዩ! ሰብ ገዛኢ እዩ፡ ሰብ መላኺ እዩ! ወዘተ” ዝብሉ ሓሳባት ንመልከቶም! ብዘይ ገለ ምግናን፥ እዚ “ሰብ መንፈስ እዩ፣ ሰብ ከምዚ እዩ፣ ሰብ ከምቲ እዩ! ሰብ፡ ሰብ፡ ሰብ” ዝብል ልፍለፋ፥ “ሰብ፡ ሰብ ሰብ” እናበለ፡ ሰብ ጥራይ እዩ ዝስእለልካ! ሰብ ተኮር ጥራይ እዩ ከኣ ዝገብረካ! ሰብ ኮንሸስ ጥራይ እዩ ዝገብረካ! ሰብ ማእከል ጥራይ እዩ ዝገብረካ! እዚ ከኣ ሱር ዘለዎ ናይ መርገም መርገም እዩ!  ካብ ፈለማ፡ ኣምላኽ ንሰብ ብመልክዑ ዝፈጠሮ እኮ፡ እቲ ኣምላኽ ብመልክዑ ዝገበሮ ሰብ፡ ማሕደር ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ጥራይን መግለጺ ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ጥራይ ምእንቲ ኪኸውን ደኣ እምበር፡ እቲ ሰብ መግለጺ ሰብ ገዛእ ርእሱ ምእንቲ ኪኸውን ፈጺሙ ኣይኮነን! ካብ መሰረቱ፡ “ድሒነ እየ፡ ሓድሽ ፍጥረት ኮይነ እየ፡ ዳግም ተወሊደ እየ፡ ማሕደር ኣምላኽ ኮይነ እየ” ዝብል ሰብ፣ ዘረባኡ፡ ዕላሉ፡ መዝሙሩ፡ ስብከቱ፡ ትምህርቱን እንኮ ጥራይ ኣተኲሮኡን ኣምላኽን ኣምላኽ ጥራይን ካብ ምዃን ሓሊፉ፥ ዘረባኡ ሰብ፡ ስብከቱ ሰብ፡ ትምህርቱ ሰብ፡ ኣተኲሮኡ ሰብ ኪኸውን፡ ካብዚ ዝኸፍእ ናይ ሞት ሞት የለን! እቲ ሓቂ ከመይ ተገልቢጡ ከም ዘሎ ግና፡ ተመልከቱዎ!

- መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ሰብ ብሰፊሕ ይዛረብዶ፧ እወ ይዛረብ! ግናኸ፡ ኣድላይነት ሰብ ከም ኣቕሓ ኣምላኽ፡ ኣድላይነት ሰብ ከም መትሓዚ ኣምላኽ፡ ኣድላይነት ሰብ ከም ማሕደር ኣምላኽ፡ ኣድላይነት ሰብ ከም መቕደስ ኣምላኽ፡ ኣድላይነት ሰብ ከም መልክዕ ኣምላኽ፡ ንሱ ከኣ ንምግላጽ ኣምላኽ ደኣ ኣስፊሑን ኣተኲሩን ይዛብረብ እምበር፡ ከምዞም “ሰብ መንፈስ እዩ” ንዝብል ዶክትሪን ዝምህሩን ዝሰብከን ገይሩሲ ፈጺሙ ኣይዛረብን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ፡ እቲ ንጹር ዕላማ ምፍጣርን ምህላውን ሰብ፥ ነቲ ፍሉይ ምኽሪ ኣምላኽ፥ ንሱ ከኣ፡ መትሓዚ ኣምላኽ፡ ኣቕሓ ኣምላኽ፡ ማሕደር ኣምላኽ፡ መቕደስ ኣምላኽ፡ መንበሪ ኣምላኽ፡ መግለጺ ክብሪ ኣምላኽ ንኪኸውን ምዃኑ እዩ ኣስፊሑን ኣተኲሩን ዝዛረብ!

-  2ይን ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገርን፡ እዚ፡“ኵለንተና ሰብ መትሓዚ ኣምላኽ እዩ፣ ኵለንተና ሰብ ማሕደር ኣምላኽ እዩ፣ ኵለንተና ሰብ መቕደስ ኣምላኽ እዩ፣ ኵለንተና ሰብ ኣቕሓ ክብሪ ኣምላኽ እዩ፣ ኵለንተና ሰብ ንፍጹም ምግላጽ ክብሪ ኣምላኽ ጥራይ እዩ!” ዝብል ጥዑይ ትምህርቲ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኵሉ ጊዜ ኵለንተናኻ ብዘይ መንቅብን ኣበርን ኪርከብ ኪሕሎ ከም ዝግባእ እዩ ዝምህረካ፡ ዝገብረካን ዘጠንቅቐካን (1 ተሰሎንቄ 5፡23)! ኣምላኽ ኣዝዩ ቅዱስ ከም ዝኾነ፣ ብዘይ ቅዱስና ዋላ ሓደ ሰብ እኳ ንኣምላኽ ኪሪኦ ከም ዘይክእልን (እብራውያን 12፡14)፣ እቲ መትሓዚ ኣምላኽ፡ እቲ ኣቕሓ ኣምላኽ፡ እቲ ማሕደር ኣምላኽ፡ እቲ መቕደስ

ኣምላኽን መንበሪኡን ድማ፡ ኩሉ ጊዜ ብፍጹም ቅድስና ኪሕሎ ከም ዝግባእ፡ እዩ ኩሉ ሳዕ ኪትዝክርን ኪትሓስብን ዝገብረካ።

- 3ይ) ኣምላኽ ኣብ ጸጽባሕን እናወሰኽን ኣብ ኩለንተናኻ ኪሓድርን ክመልእን ብቀጻሊ ርእስኻ ኪትውፊ፡ ብጸሎት ኪትነቕሕ፣ ብቀጻሊ ንእኡ ርእስኻ ክትፈሊ፡ ኣብ ንጽህናን ቅድስናን ኩለንተናኻ ዓብዪ ኣቃልቦ ኪትገብር ይገብረካ። "14 ምስቶም ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣርዑት ኣይትጸመዱ። ማለት፥ ንጽድቕን ሓጢኣትን እንታይ ኣራኺብዎ፤ ወይስ ንብርሃን ምስ ጸልማት እንታይ ሕብረት ኣልይዎ፤ 15 ክርስቶስከ ምስ ብልያል እንታይ ምስምማዕ ኣለዎ ወይስ ንኣማኒ ምስ ዘይኣማኒ እንታይ ግደ ኣለዎ፡ 16 ንመቕደስ ኣምላኽከ ምስ ጣኦታት እንታይ ስምምዕ ኣለዎ፡ ኣምላኽ፤ ኣባታቶም ክነብር ኣባታቶምውን ክመላለስ እየ፡ ኣነ ኣምላኾም ክኸውን እየ፡ ንሳቶምውን ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ከም ዝበለ፡ ንሕና ቤተ መቕደስ ህያው ኣምላኽ ኢና። 17 ስለዚ፡ ካብ ማእከሎም ውጹን ተፈለዩን ርኹስ ኣይትተንከዩን፡ ኣነውን ክቕበለኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ 18 ኣቦ ድማ እኾነኩም፡ ንስኻትኩምውን ኣወዳትን ኣዋልድን ክትኰኑኒ ኢኹም፡ ይብል እቲ ኹሉ ዚከኣሎ ጐይታ። እምብኣርከ፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ እዚ ተስፋታት እዚ ካብ ዚህልወናስ፡ ብፍርሃት ኣምላኽ ቅድስና እናመላእና፡ ካብቲ ስጋን መንፈስን ዜርክስ ዘበለ ኹሉ ርእስና ነንጽህ።" (2 ቈረ 6፡14-7፡1) ። "14 ስለዚ ኸኣ፡ ኣታ ደቂስካ ዘሎኻ፡ ንቓሕ እሞ ካብ ምዉታት ተንስእ፡ ክርስቶስ ከኣ ኬብርሃልካ እዩ፡ ይብል። 15-16 እምብኣርሲ ቕንያቱ ኽፉእ እዩ እሞ፡ ጊዜ ዓዲግኩም፡ ከም ለባማት እምበር፡ ከም ዓያሱ ዘይኰነ ኸመይ ብጥንቃቐ ኸም እትመላለሱ፡ ተመልከቱ። 17 ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጐይታ እንታይ ምዃኑ ኣስተውዕሉ እምበር፡ ዓያሱ ኣይትኩኑ። 18-19 ዝርገት ኣለዎ እሞ፡ ብወይኒ ኣይትስከሩ። ግናኸ ብመዝሙርን ምስጋናን ብመንፈሳዊ ቕኔን ብልብኹም ንጐይታ እናተቐኔኹምሉን እናደረስኩምሉን ንሓድሕድኩም እናተዛራረብኩምን፡ መንፈስ ይምላእኩም" (ኤፌ 5፡14-19) ። እዚ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ምህሮ ግና፡ ካብዚ ሓቂ እዚ ፈጺሙ እዩ ዘውጻኣካን ዘህውትተካን! "ንስኻ መንፈስ ኢኻ! ምድሓንካ፡ ምቕዳስካ፡ ተፈጺሙ እዩ! ዝምላኣካ ነገር የለን! ወዘተ" እናበለ እዩ ሃው ኣቢሉ ህልም ኣቢሉ ዘጥፍኣካ!

እቲ ብጣዕሚ ኣዝዩ ረቂቕ ግናኸ ኣብዚ ዶክትሪን እዚ ዘሎ ክፉእ ክሕደትን ምዝባዕን፣ ኣምላኽ ንናይ ሰብ ኩለንተና (ንብዘሎ መንፈሱ ነፍሱን ስጋኡን) ምሉእ ብምሉእ ማሕደሩ ኪገብሮ እዩ ምኽሩ መኺሩ። እዚ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ዶክትሪን ግና፡ ነቲ መንፈስ ሰብ ነጺሉ፡ "ንስኻ ኢኻ እቲ ሰብ" ይብሎ እሞ፡ ቀጺሉ ድማ፡ "እታ ነፍሲ ናትካ እያ፡ እቲ ስጋ ከኣ፡ ማሕደርካ፡ ገዛኻ፡ ሰፍርካ እዩ" እናበለ ይምህሮን ይሰብኮን! እምባእ! ዝገርም እኮ እዩ! እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ "ናይ ሰብ ኩለንተና (መንፈሱ፡ ነፍሱን ስጋኡን፡ ካብ ንሓድሕዱ ብዘይ ገለ ምንጽጻል፡ ብሓባርን ብማዕረን )፡ ናተይ ማሕደር እዩ፣ ናተይ ሰፈር እዩ፡ ናተይ መቕደስ እዩ፣ ስለዚ ከኣ ሰለስቲኡ ብማዕረ ንዓይ ጥራይ ኪቕደስ ኣለዎ፡ ንዓይ ጥራይ ኪውፈ ኣለዎ፡ ንዓይ ጥራይ ኪፍለ ኣለዎ፡ ንኽብረይን ንኽብረይን ጥራይ ኪውዕል ኣለዎ፣ ኣብዚ ሰለስቲኡ ክፍሊ ኣካላት ሰብ፡ ዝኾነ ተራ ነገር፡ ዝኾነ ርኹስ ነገር፡ ተወዝ ኢሉ ኪኣቱ ወይ ኪንቀሳቐስ ፈጺሙ የብሉን!" ኢሉ ይምህር። እዚኣቶም ግና፡ ግልብጥ ኢሎምን ግልብጥ ኣቢሎምን፡ ነቲ መንፈስ ሰብ ጥራይ ነጺሎም፥ "ንስኻ ኢኻ እቲ ሰብ፣ ኣብዚ ምድሪ እዚ ንኽትግለጽ ግና፡ ሰፈር፡ ቤት የድልየካ ነበረ፣ ነዚ ዕላማ እዚ ጥራይ እዩ ከኣ ስጋ (ሰፈር) ተገይሩልካ፣ እንተ ዘይኮነ ግና፡ ንስኻ ናይ ኣምላኽ ደረጃ ዘለዎ (in God's class) ናይ ኣምላኽ ዓይነት ኢኻ፣ ከም ኣምላኽ መላኺ ኢኻ፣ ከም ኣምላኽ ገዛኢ ኢኻ፣ እዚ ስጋኻ ግና፡ ኣብዚ ምድሪ እዚ ጥራይ ንምባር ዘድልየካ ሰፈርካ ጥራይ እዩ! እቲ ቀንዲ ነገር፡ እቲ ኣውራ ነገር፡ ንስኻ ኢኻ! እቲ ሰብ ንስኻ ኢኻ!" ይብሉዎ።

ንኣምላኽ ከመይ ከም እተወዳደሩዎን እተመዓራረዩዎን ርኢኹምዶ፧ ኣምላኽ፥ “ሰብ ብዘሎ መንፈሱ፡ ነፍሱን ስጋኡን ብማዕረ፡ ሰፈር ናተይ፡ ማሕደር ናተይ፡ መቕደስ ናተይ እዩ።” ይብል! እወ፥ “እቲ መንፈስ ሰብ ከይተረፈ፡ ማዕረ እቲ ስጋ ሰብ፡ ናተይ ሰፈር፡ ናተይ ማሕደር፡ ናተይ መቅደስ እዩ” ይብል። እሲ “ሰብ መንፈስ እዩ” ዝብል ዶክትሪን ድማ፡ “ኣታ መንፈስ ሰብ፡ እቲ ሰብ ንስኻ ኢኻ! እቲ ስጋ ማሕደርካ ጥራይ፡ ሰፈርካ ጥራይ እዩ” ይብል! ስለዚ ከኣ፡ እቲ ስብከት ተቀይሩ! እቲ ምህሮ ተቀይሩ! እቲ ኣተኵሮ ተቀይሩ! እቲ እንኮ በይኑ ስብከት ተቀይሩ! እቲ እንኮ በይኑ ምህሮ ተቀይሩ! ኣብ ክንዲ እቲ እንኮ በይኑ ስብከት፡ እቲ እንኮ በይኑ ምህሮ፡ እቲ እንኮ በይኑ ኣተኵሮ፡ እቲ ኣብቲ ናይ ሰብ ኵለንተና ዝሓድር ፍሉይ ኣምላኽ ጥራይ ዝኸውንሲ፡ “ሰብ” ዝብሉዎ መንፈስ ንኣምላኽ ተወዳዲሩዎን ተመዓራዎን! ስለዚ ከኣ ምሉእ ሓንጎል ናይ ትምህርቶም፡ ኣምላኽ ዘይኮነስ፡ ሰብ ኮይኑ! ብዛዕባ እዚ ሰብ እዚ ዘለዎም ስብከት፡ ካብ ሕሉፍ ዘለኣለም ጀሚሩ፡ ክሳዕ ዝመጽእ ዘለኣለም ዝኸይድ፡ ዘይውዳእ ኮይኑ። ኣብ ክንዲ ኣምላኽ ጥራይ ማእከልነት ዝሕዝሲ፡ እቲ “ሰብ” ዝብሉዎ መንፈስ ሰብ ማእከልነት ወሲዱ! ንኣምላኽ ተወዳዲሩዎ! ስለዚ ከኣ ንሱ ተሰባኺ ኮይኑ! እቲ ምህሮ ንሱ ኮይኑ (እቲ “ሰብ” ዝብሉዎ መንፈስ ሰብ!) እግዚብሄር ኣምላኽ፣ ነቲ ስጋ ሰብ ኮነ ወይስ ነቲ መንፈስ ሰብ፡  ንስጋ ብማዕረ፡ “ማሕደር ናተይ” እዩ ዝብሎም። ንሳቶም ድማ፡ “እቲ ስጋ፡ ሰብ ኣይኮነን፣ እቲ ስጋ ማሕደር ናትና ጥራይ እዩ” ይብሉ። እቲ ሓቂ እኮ፡ መንፈስ ሰብ ከይተረፈ ማሕደር ኣምላኽ እዩ። እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ቅድስተ ቅዱሳን ማሕደር ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ናይ ሰብ መንፈስ ከኣ ማሕደር ኣምላኽ እዩ። እቲ ቅድስተ ቅዱሳን ንኻልእ ንዋላ ሓደ ዕላማ ዘይኮነስ፡ ማሕደር ኣምላኽን ማሕደር ኣምላኽ ጥራይን ምእንቲ ኪኸውን ከም እተሃንጸ፡ መንፈስ ሰብ ድማ፡ ማሕደር ኣምላኽን ማሕደር ኣምላኽ ጥራይ ምእንቲ ኪኸውን እዩ ተፈጢሩ። ማዕረ እቲ ስጋ ሰብን ነፍሲ ሰብን፡ መንፈስ ሰብ ማሕደር ኣምላኽ ንምኳን ጥራይ እዩ ካብ ፈለማ ተፈጢሩ። ኣብ ላዕሊ፣ እቲ ኣምላኽ ንሰብ ንኽብሩ ዝፈጠሮ፡ ዝደኮኖ ዝገበሮን ምኽንያት ብንጹር ርኢና ኣለና (ኢሳያስ 43፡6)። ኣብ ዘፍጥረት ሓደን ክልተን ብንጹር ተገሊጹ ከም ዘሎ፣ እቲ ናይ ሰብ ኵለንተና (መንፈሱ ነፍሱን ስጋኡን) ማሕደር ኣምላኽ፡ መቕድስ ኣምላኽ፡ መግለጺ ክብሪ ኣምላኽ ምእንቲ ኪኸውን ኢሉ እዩ ንሰብ ካብ መጀመርታ ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጢሩዎ፡ ደኵንዎ፡ ገይሩዎ፣ ብመንፈስ ብነፍሲ ብስጋ ዝቆመ ገይሩ ፈጢርዎ። ሕጂ ግና ተመልከቱ፡ ንመንፈስ ሰብ ጥራይ በይኑ ነጺሎም ብምውሳድ፡ “ንሱ እዩ እቲ ሰብ” ብምባል፡ እቲ ስጋኡ ግና፡ ማሕደር ሰብ፡ መግለጺ ሰብ ንኪኸውን እዩ ተፈጢሩ ኢሎም፡ ጋሻ ዝኮነ ዕላማ ፍጥረት ምሂዞም። ስለዚ ከኣ እቲ ስብከትን ኣተኵሮን እውን ብቕጽበት ተቐይሩ! በዚ ከምዚ ከኣል ንኣምላኽን ዕላማኡን ተወዳዲረሞ! ኣምላኽ ሰፈር ዘድልዮ፡ ንሳቶም እውን ሰፈር ዘድልዮም ኮይኖም! ኣምላኽ ማሕደር ዘድልዮ፡ እቲ “ሰብ” ዝብሉዎ መንፈስ እውን ማሕደር ዘድልዮ ኮይኑ! ኣብቲ ሰፈር ኣምላኽሲ፡ ካልእ ሰፋሪ ኣምጺኦም። ምናልባት እዚ ዘረባ እዚ ቀልል ይመስለና ይኸውን! ግናኸ ንየዋሃት ጥራይ እዩ ቀሊል ዝመስሎም።

ኣንቱ ሰባት፡ እቲ መንፈስ ሰብ ንርእሱ እኮ፡ ሰፈር እዩ! መንፈስ ሰብ ከይተረፈ፡ ሰፈር ንኪኸውን እዩ ብኣምላኽ ተገይሩ። እዚ እቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣነጺሩ ዝዛረቦ፡ ግናኸ በዚ ከፉእ ምህሮ እዚ ፍጹም ተዛቢዑ ዘሎ ሓቂ እዩ! መንፈስ ሰብ ሰፈር እዩ! ስጋ ሰብ ሰፈር እዩ! ነፍሲ ሰብ ሰፈር እያ! ሰለስቲኡ ኣካላት ሰብ፡ ሰፈር ኣምላኽ እዩ! ሕጂውን ናብቲ ናይ ብሉይ ኪዳን መቅድስ እሞ ንመለስ! እቲ ኣጸድ ሰፈር ኣምላኽ እዩ! እቲ ቅዱስ ቦታ ሰፈር ኣምላኽ እዩ! እቲ ቅድስተ ቅዱሳን ሰፈር ኣምላኽ እዩ! ብቀንዱ እቲ መንፈስ ሰብ እምበር ሰፈር ኣምላኽ እዩ! ኣምላኽ ነቲ ምሉእ ማሕደር ምምላእ ዝጅምር በቲ ቅድስተ ቅዱሳን ጀሚሩዶ ኣይኮነን!፧

እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ማሕደር፡ ዝኾነ ተራ ነገር፡ ርኹስ ነገር፡ ናብኡ ንኸይኣቱ፣ ነቲ ምሉእ ማሕደር ዘካበበ ጻዕዳ ሓጹር ኣለዎ። ብምልኡ እቲ ማሕደር (ድንኳን)፡ (ብዘሎ እቲ ኣጸድ፡እቲ ቅዱስ ቦታን እቲ ቅድስተ ቅዱሳንን) ንኣምላኽን ንኣምላኽ ጥራይን እተፈለየ እዩ። ብጀካ ኣምላኽ፡ ካልእ ሰፋሪ ኣብቲ ማሕደር ኣምላኽ ፈጺሙ የለን! ብጀካ ኣምላኽ ጥራይ፡ ኣብቲ መቅደስ ኣምላኽ፡ ካልእ ሰፋሪ ፈጺሙ የለን! ነዚ “ሰብ መንፈስ እዩ” ዝብል ምህሮ ዝምህሩ ሰባት ግና፡

ነቲ ሰፈር ኣምላኽ ጥራይ ዝኮነ ማሕደርሲ (መንፈስ ሰብ ነፍሲ ሰብ ስጋ ሰብ)፡ ሰፋሪን ተሰፋሪን (ሰፋርን ተሰፋርን) ኣውጺኦምሉ! እቲ መንፈስ ሰብ ሰፋሪ፡ እቲ ስጋ ሰብ ግና ተሰፋሪ ገይረሞ! ኣንታ እዚ እኮ፡ ንዘስተውዕል ሰብ ፡ ኣዝዩ ዘስደምም ምዝባዕ እዩ! ከምዚ ዓይነት ጠዋይ ነገር የለን! ከምዚ ዓይነት ምዝምባል የለን! ኣብዚ፣ ንእሽቶ ነገር ዘኮነስ፡ እቲ ዚዓበየ ነገር ተጠውዩ ከም ዘሎ ክንፈልጥ ኣለና! እዚ ኵሉ ምሉእ ብሉይ ኪዳን እኮ፡ ነቲ መቅደስ ኣምላኽ፡ ማሕደር ኣምላኽ እዩ ከም ኣውራን ማእከል ኵሉ ነገርን (the center of everything) ገይሩ ዝዛረበሉ። ስለ ምንታይ፧ እወ፡ ኣምላኽ ኣብቲ ማሕደሩ፡ ኣብቲ መቅደሱ ስለ ዘሎ ጥራይ እዩ! እንተ ዘይኮነ፡ ኣምላኽ ኣብ ሽሎ፡ ነቲ ድንኳን (ማሕደር) ምስ ሓደጎ፡ እቲ ድንኳን ባዶ፡ ዑና፡ ተራ ነገርን እዩ ኮይኑ። ኣምላኽ ነቲ ሰሎሞን ዝሃነጾ መቅድስ ምስ ሓደጎ እውን፡ እቲ መቅደስ፡ ባዶ፡ ዑናን ተራ ነገርን እዩ ኮይኑ። “ሰብ መንፈስ እዩ፣ ሰብ መንፈስ እዩ!” ዝብል ልፍለፉ ከንቱ እዩ! ንሰብ ፍሉይ ዝገብሮ፡ እቲ ኣብ ኵለንተናኡ (ኣብ መንፈሱ (ቅድስተ ቅዱሳን)፡ ኣብ ነፍሱ (ቅዱስ ቦታ) ኣብ ስጋኡ (ኣጸድ)፡ ዚሓድርን ዝነብርን ኣምላኽ እንተሎ ጥራይ እዩ። “ካብ ምንዝርና ህደሙ። ሰብ ዚገብሮ ዘበለ ሓጢኣት ካብ ስጋኡ ብወጻኢ እዩ፡ ዚምንዝር ግና ኣብ ገዛእ ስጋኡ እዩ ሓጢኣት ዚገብር። ብዋጋ ተዐዲግኩም ኢኹም እሞ፡ ስጋኹም ቤተ መቕደስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ፡ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ፡ ናይ ርእስኹምውን ከም ዘይኰንኩምዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ስለዚ ብስጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ” (1 ቈረ 6፡18-20) ። (“18 Flee sexual immorality. Every sin that a man does is outside the body, but he who commits sexual immorality sins against his own body. 19 Or do you not know that your body is the temple of the Holy Spirit who is in you, whom you have from God, and you are not your own? 20 For you were bought at a price; therefore, glorify God in your body and in your spirit, which are God’s.” NKJV)

እዚ ኣብ እንግሊዝኛ ኣብ ጥቕሲ 20፡ እንታይ ይብል ከም ዘሎ ነቕልበሉ! ኣብ ክልቲኡ ኣብ KJVን NKJVን ሓደ ዓይነት ኮይኑ፡ ስጋኹምን መንፈስኩምን ናይ ጎይታ እዮም (“glorify God in your body and in your spirit, which are God’s”) እዩ ዝብል ዘሎ። እዚ ቅዱስ ጽሑፍ እዚ፡ ኣምላኽ ብማዕረ ንስጋ ኣመንትን ንመንፈስ ኣመንትን ከም ዝውንኖም (ስጋኦምን መንፈሶምን ናይ ኣምላኽ ከም ዝኾነ) ደኣ ይዛረብ ኣሎ እምበር፡ መንፈስ ሰብ ንስጋ ሰብ ከም ዝውንኖ ፈጺሙ ኣይዛረብን እዚ ጽሑፍ። ኣብ ጥቕሲ 13 እንተዳኣ ኣንቢብና እውን፡ “ስጋ ንጐይታ፡ ጐይታውን ንስጋ እዩ እምበር፡ ስጋስ ንምንዝርና ኣይኰነን” ይብል። ስጋና ንጎይታ እዩ ናይ ጎይታ ስለ ዝኾነ! ኣብ ጥቕሲ 15 እውን፡ “እቲ ስጋኹም ኣካል ክርስቶስ ምዃኑዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧” ይብል። ስጋና ኣካል ክርስቶስ እዩ፣ ስጋና ናይ ክርስቶስ እዩ፣ ስጋናን መንፈስናን ብማዕረ ናይቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ ኣምላኽ እዩ። እዚ ጽሑፍ እዚ፣ ብንጹር ማለት እዩ፥ ስጋና ማሕደር ኣምላኽ ከም ዝኾነ ይዛረብ ኣሎ! እወ፡ መንፈስና (እቲ ብቅድስተ ቅዱሳን ዝምሰል)፡ ወይ ድማ፡ ነፍሲና (እታ በቲ ቅዱስ ቦታ እትምሰል) ጥራይ ዘይኮነስ፡ ስጋና ባዕሉ (እቲ በቲ ኣጸድ ብሉይ ኪዳን ዝምሰል) መቅደስ ኣምላኽ እዩ። ነዚ ቃል ተመልከቱዎ፥ “ብዋጋ ተዐዲግኩም ኢኹም እሞ፡ ስጋኹም ቤተ መቕደስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ፡ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ፡ ናይ ርእስኹምውን ከም ዘይኰንኩምዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧” ኣይትፈልጡን ዲኹም ይብል ኣሎ፣ ስለዚ ከኣ ንፍለጥ! ክርስቶስ ምስ ተቐበልና፡ ስጋና ከይተረፈ፡ ማሕደር ኣምላኽ ንምዃን ተቀዲሱ ከም ዝኾነ ኣርጊጽና ክንፈልጥ ኣለና! ምኽንያቱ ኣምላኽ ኣብ ርኹስ ስጋ ኪሓድር ኣይክእል እዩ። ኣምላኽ ንስሙን ንእኡን ኣብ እተቀሓደ ኣብዘም ቈረንቶሳውያን፡ ዝኣተወ ምህሮ ስሕተት ስለ ዝነበረ እዩ፡ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ዝዛረብ ዘሎ። ብናይ በዓል ፕላቶ ፍልስፍና ተጸልዮም፡ “ስጋ ሰብ ርኹስ እዩ” ዝብሉ መማህራን ስሕተት ኣትዮም ነይሮም። እዚ ሃዋርያ ግና፡ ስጋ ናይ ኣመንቲ ማዕረ እቲ መንፈስ ናይ ኣመንቲ ማሕደር ኣምላኽ ምዃኑ ይእውጅ ኣሎ። እቲ እንኮ በይኑ ኣቃልቦ ኵሉ ፍጥረት፡ እቲ እንኮ በይኑ ኣተኵሮ ኵሉ ፍጥረት እምበኣር፡ እዚ ኣብቲ ናይ ሰብ ኵለንተና ዝሓድር (ዝሰፍር)፡ ዝነብር ኣምላኽ ጥራይ እዩ ኪኸውን ዝግባእ!

ካልእ እዚ “ሰብ መንፈስ እዩ” ዝብል፡ “ሰብ ተኮር፡ ሰብ ማእከል፡ ሰብ ኮንሸስ” ዝኾነ ክፉእ ዶክትሪን፡ ብዛዕባ እቲ ናይ ሰብ ኩለንተና ካብ ዝምህሮ ዝተዛበዐ ትምህርቲ፥ “ ንስኻ (ሰብ) እቲ መንፈስካ ኢኻ፣ እቲ ስጋኻ ግና፡ ሰፈርካ ጥራይ ደኣ እምበር ንሱ ሰብ ወይ ከኣ ሰብካ ኣይኮነን።” ጥራይ ኣይኮነን ዝብል። ቀጺሉ ዝብሎ ኣዝዩ ክፉእ ስሕተት፥ “እቲ ስጋኻ ዝገብሮ ሓጢኣት ነቲ መንፈስካ ኣይውክሎን ኣየርክሶን እዩ፣ ምኽንያቱ መንፈስካ ፈጺሙ ድሒኑ እዩ፣ ፈጺሙ ተቐዲሱ እዩ፣ ተፈጺሙ እዩ፣ መንፈስ ከኣ ሓጢኣት መሊሱ ከም ዘይኣትዎ፡ ወይ ድማ ከም ዘይረክስ ኮይኑ ተዓሺጉ እዩ፣ ስጋኻ ግና፡ ኣብዚ ምድሪ ናይ ጊዜኡ ሰፈርካ እዩ፣ ክትመውት ከሎኻ ድማ፡ ኣብ መቓብር ሓዲክካዮ እትኸይድ ነገር እዩ፣ ወዘተ” ስለ ዝብል፣ እቲ ሰብ ምድሓኑ፡ ቅድስናኡን ንምምላእ/ንምፍጻም (“ምድሓንኩም ፈጽሙ”/ ፊሊጲ 2፡13)፡ መዓልትን ለይትን ገጽ ኣምላኽ ዘይደሊ ኮይኑ ይነብር ማለት እዩ።ብሓቂ እዚ ምስቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ዝጋጮ ዝተዛበዐ ምህሮ እዩ።

በሉ እዚ ቁናን ምህሮ እዚ፥ ነቲ “ሰብ ብኩለንተናኡ (ብዘሎ መንፈሱ፡ ነፍሱን ስጋኡን ብሓንሳእን ብማዕረን) ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መትሓዚ (Eternal Container) ዘለኣለማዊ ኣቕሓ (Eternal Vessel)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ማሕደር (Eternal Tabernacle) ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መቕደስን (Eternal Temple)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መንበሪ፡ (Eternal Dwelling place)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መግለጽን (Eternal Expression) ንኺከውን እዩ ተፈጢሩ፣ ስለዚ ከኣ፡ ብዘይ ኣፈላላይን ምንጽጻልን ንሰለስቲኦም ናይ ሰብ ኩለንተና ዓብዪ ኣቃልቦ ኪግበረሎም ኣለዎ፣ ሰለስቲኦም ብማዕረ ብንጽህና፡ ብኽብሪ፡ ብቅድስና ኪታሓዙ ኣለዎም፣ ሰለስቲኦም ብማዕረ ማሕደር እቲ ቅዱስ ኣምላኽ ስለ ዝኾኑ፣ ስለዚ ከኣ ሰለስቲኦም ብማዕሪ፡ ንኣምላኽን ንኣምላኽ ጥራይ እተፈልዩ እተወፈዩን ኪኾኑ ኣለዎም!” ንዝብል ናይቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ማእከል (central) ዝኾነ ጥዑት ትምህርቲ፡ ከመይ ከም ዝቃረኖ ተመልከቱ!

እምበኣር፡ እግዚብሄር ኣምላኽ ንሰብ፡“ንስኻ ብኹለንተናኻ (ብዘሎ መንፈስካ፡ ነፍስኻን ስጋኻን፥ ናተይ ናይ በይነይ ሰፈር፡ ናተይ ማሕደር፡ ናተይ መንበሪ፡ ናተይ ኣቕሓ፡ ናተይ መትሓዚ፡ ናተይ ክብሪ ጥራይ መግለጺ ኢኻ! እቲ እዚ ዝኾነሉ ዕላማን ምኽርን ድማ፡ ኣነ ጥራይ ኣባኻ ሓዲረ፡ ኣነ ጥራይ ኣባኻ ሰፊረ፡ ኣነ ኣብኻን ብኣኻን ኮይነ፡ ግዝኣተይ ጥራይ፡ ምልከይ ጥራይ፡ መልከዐይ ጥራይ፡ ክብረይ ጥራይ፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ምእንቲ ኪገልጽ እዩ!” እዩ ዝብሎ። እቲ ምኽሪ ኣምላኽ እዚ ስለ ዝኾነ፡ እቲ መገዲ ኣምላኽ እዚ ስለ ዝኾነ እዩ ከኣ፡ ቃል ኣምላኽ ከምዚ ዝብለና፥

- 1ይ) “የሱስ ከኣ፥ ዜፍቅረኒ እንተሎ፡ ቃለይ ይሕሉ እዩ፡ ኣቦይ ድማ የፍቅሮ፡ ናብኡውን ንመጽእ ኣብኡ ኸኣ ማሕደር ክንገብር ኢና” (ዮሃ 14፡23) ።

- “ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ፡ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነውን ኣብኡ፡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዚፈሪ” (ዮሃ 15፡5) ። => ሰብ ብዘይ እቲ ኣብኡ ኪሓድር ዝግባእ ኣምላኽ (ክርስቶስ) ዋላ ሓንቲ መንፈሳዊ ኣምላኻዊ ፍረ ኪፈሪ ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ። እቲ ኣባና ዝሓድር ኣምላኽ ጥራይ እዩ፡ ኣባና ኮይኑ ኩሉ ጽቡቕ ነገራት ዝፈሪ። ስለዝስ ካብቲ ኣባና ዝሓድርን ዝነብርን ኣምላኽ እምበር ካባናስ ዋላ ሓንቲ ሰናይ እኳ የልቦን። “ንእግዚኣብሄር፣ ንስኻ ጐይታይ ኢኻ፣ ብዘይ ንስኻስ ሰናይ የብለይን፣ ኢለዮ” (መዝ 16፡2) ። ኣብዚ ናይ ለንቅ ስብከቱ፡ እዝራ ጸጋይ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ገላትያ 5 ዘሎ ፍረ መንፈስ እናተዛረበ፡ “እዚ ኣብዚ መንፈስ ዝብል፡ መንፈስ ሰብ እዩ! መንፈስ ቅዱስ ፍረ ኣይፈርን እዩ!” ምስ በለ፡ ሰምቢደ! ኣንታ እዚ ዶክትሪን ሰብሲ፡ ክሳዕ ክንደይ እዩ ንሰብ ዕዉር ዝገብሮ ተገሪመ! ደሓን እቲ ኣብ ገላትያ 5 ዘሎ መንፈስ እሞ

ይጽናሓልና! ኣፍ ኵሉ ዝዓጹ ቃል ኣብዚ ከቐምጥ እየ። “መንግስቲ ኣምላኽሲ ብመንፈስ ቅዱስ ጽድቅን ሰላምን ሓጐስን እያ እምበር፡ ብብልዕን መስተን ኣይኰነትን” (ሮሜ 14፡17) ። እዚ ኣብዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ጽድቂ፡ ሰላምን ሓጎስን፡ መንፈስ ቅዱስ ዝፈርዮ ፍረ፡ መንፈስ ቅዱስ ዝህቦ ውህበት ኣይኮነን ኢሉ ኪምጉት ዝደሊ ሰብ ኣሎ፧ ደሓን ይምጻእ! ክውስኸልኩም፡ “ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም” (ማቴ 6፡33)። እዚ ኣብዚ ዘላ መንግስቲ፡ መንፈስ ሰብ ዝፈርያ መንግስቲ ድያ፧ እዚ ኣብዚ ዘሎ ጽድቂኸ፡ መንፈስ ሰብ ዝፈርዮ፡ ጽድቂ ድዩ፧ ከምኡ እንተዳኣ ኮይኑ፡ ንምንትይ ጎይታ፡ መንግስቲ ፍረዩ፡ ጽድቂ ፍረዩ ዘይበለ! ኣይ! እሞ እዚ ቃል ጎይታና እኮ ንኣፍ ኵሉ ዓጽዩዎ! “መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን” እዩ ዝብል ዘሎ! “መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቂ ኣምላኽን” ይብል ኣሎ! ጳውሎስ ድማ፡ መንግስቲ ኣምላኽ፥ “ጽድቅን ሰላምን ሓጐስን እያ!” ኢሉ። እዛ መንግስቲ እዚኣ ድማ፡ “ብመንፈስ ቅዱስ እያ” ኢሉ! እምበኣር መንፈስ ቅዱስ እዩ ኣባና፡ እቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ፍረ ዚፈሪ! ደሓን፡ ነዛ ወንጌል ዮሃንስ ብትኽክል እንታይ ትብል ከም ዘላ ንመልከታ! እቲ ኣቦ ዝተኸሎ ናይ ሓቂ ጉንዲ ወይኒ፡ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ። እቲ ንጹር ዕላማ፡ እቶም ጨናፍር ናይቲ ጉንዲ ወነ፡ ወይኒ ምእንቲ ኪፈርዩ እዩ። ግናኸ እቲ ጨናፍር ካብ ርእሱ ዝፈርዮ ፍረ ኣለዎ ድዩ፧ ያእ ፈጺሙ ኣይፋሉ! እቲ ጉንዲ ወይኒ እዩ ኣብቶም ጨናፍር ኮይኑ፡ እቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ፍረ ዝፈሪ። ኣብቶም ጨናፍርን በቶም ጨናፍርን ገይሩ፡ ጽቡቕ ፍረ ይፈሪ! ደሓን፥ ነዞም ዝስዕቡ ዘገርሙ ናይ ሓድሽ ኪዳን ሓቅታት ንመልከቶም!

- “ኣነስ ንኣምላኽ ብህይወት ምእንቲ ኽነብር፡ ካብ ሕግስ ብሕጊ ሞትኩ። ምስ ክርስቶስ ተሰቐልኩ። 20 ግናኸ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ እምበር፡ ደጊም ኣነ ኣይኰንኩን ዝነብር ዘሎኹ። እዚ ሕጂ ብስጋ ዝነብሮ ዘሎኹ ድማ፡ ብእምነት በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይውን ነፍሱ ዘሕለፈለይ ወዲ ኣምላኽ እየ ዝነብር ዘሎኹ” (ገላ 2፡19_20) ። => “ግናኸ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ እምበር፡ ደጊም ኣነ ኣይኰንኩን ዝነብር ዘሎኹ።” ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ እምበር…

- “ክርስቶስ ናባኻትኩም ብርቱዕ እዩ እምበር፡ ናባኻትኩም ድኹም ኣይኰነን እሞ፡ በቲ ኣባይ ዚዛረብ ክርስቶስ ምስክር ከም እትደልዩ ርእየ፡ ከምቲ ኻልኣይ ጊዜ ምሳኻትኩም ከሎኹ ዝበልክዎ ሕጂውን ካባኻትኩም ርሒቐ ኸሎኹ፡ ናባኻትኩም እንተ ተመለስኩ፡ ነቶም ቅድም ዝኣበሱን ነቶም ዝተረፉ ዅላቶም ከም ዘይድንግጸሎም፡ ቀደም ነጊረ እየ፡ ኣቐዲመውን እነግር ኣሎኹ” (2 ቈረንቶስ 13፡2) ። => “በቲ ኣባይ ዚዛረብ ክርስቶስ…”

- “እምብኣርሲ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ፡ ብሓይሊ ትእምርትን ተኣምራትን፡ንምእዛዝ ኣህዛብ፡ ክርስቶስ ብቓልን ብግብርን ዘይገበሮስ ክዛረበሉ እኳ ኣይደፍርን እየ እሞ፡ ብናይ ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስ ዝምከሓሉ ኣሎኒ። ከምዚ ኻብ የሩሳሌምን ከባቢኣን ጀሚረ ኽሳዕ ኢሊሪኮን ነቲ ወንጌል ክርስቶስ ብምሉእ ሰበኽክዎ” (ሮሜ 15፡ 17-19) ። => “ክርስቶስ ብቓልን ብግብርን ዘይገበሮስ ክዛረበሉ እኳ ኣይደፍርን እየ”። እዚ ኣብዚ ጳውሎስ “ክርስቶስ ብቓልን ብግብርን ዘይገበሮስ” ዝብሎ ዘሎ፣ ብዛዕባ እቲ ክርስቶስ ኣብ ጳውሎስ ሓዲሩ ብጳሎስ ብዛዕባ ዝገበሮ፡ ብዛዕባ እቲ “ብቓልን ብግብርን” ኣብ ጳውሎስን ብጳውሎስን ዝገበሮ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። (“I will not venture to speak of anything except what Christ has accomplished through me in

leading the Gentiles to obey God by what I have said and done— 19 by the power of signs and wonders, through the power of the Spirit of God.") => ***"what Christ has accomplished through me"***

- "እቲ ዘሎኽዎ ግና ብጸጋ ኣምላኽ እየ ዘሎኹ። ካብ ኩላቶም ዚበዝሕ ደኣ ጻዓርኩ እምበር፡ እቲ ንኣይ እተዋህበ ጸጋኡ ኸንቱ ኣይኰነን። እቲ ምሳይ ዘሎ ጸጋ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኰንኩን።" (1 ቈረ 15፡10) ። => ***"እቲ ምሳይ ዘሎ ጸጋ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኰንኩን።"***

- "ጴጥሮስ ድማ፡ ኤንያ፡ የሱስ ክርስቶስ የሕውየካ ኣሎ። ተንስእ፡ ባዕልኻ ኣንጽፍ፡ በሎ። ብኡብኡ ኸኣ ተንስኤ" (ግብ 9፡34) ። ኣብዚ ብንጹር ተቐሚጡ ከም እንሪኦ፣ እዚ ነዚ "ኤንያ' ዝባሃል ሕሙም ሰብኣይ ዘሕውዮ ዘሎ፡ የሱስ ክርስቶስ እዩ። ግናኸ ኣበይ ወይ ኣብ መን ኮይኑ እዩ ኣሕውይዎ፧ ኣብ ጴጥሮስ ኮይኑ እዩ ኣሕውይዎ፣ ብጴጥሮስ ገይሩ እዩ ኣሕውይዎ። እቲ ንጹር ምኽንያት ድማ፡ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ጴጥሮስ ሓዲሩ ስለ ዝነበረ (ዮሃ 14፡23) ፡ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ጴጥሮስ ይነብር ስለ ዝነበረ እዩ።

- "1 ጴጥሮስን ዮሃንስን ብታስዐይቲ ሰዓት ብጊዜ ጸሎት ናብ ቤተ መቕደስ ብሓንሳእ ደየቡ። 2 ካብ ከርሲ ኣዲኡ ሒዙ ኣእጋሩ ዝሞተ ሰብኣይ ካብቶም ናብ ቤተ መቕደስ ዚኣትው ምጽዋት ምእንቲ ኺልምን፡ ጸይሮም ኣብ ጸጽባሕ ኣብታ ጽብቕቲ እትበሃል ደገ ቤተ መቕደስ የቐምጥዎ ነበሩ። 3 ንሱ ኸኣ ጴጥሮስን ዮሃንስን ናብ ቤተ መቕደስ ኪኣትዉ ኸም ዝደለዩ ምስ ረአዮም፡ ኪምጽዉቱሉ ለመኖም። 4 ጴጥሮስ ምስ ዮሃንስ ኰይኑ ጠመቶ እሞ፡ ናባና ጠምት፡ በሎ። 5 ንሱ ኸኣ ካባታቶም ገለ ዚረክብ መሲልዎ፡ ተኵሩ ጠመቶም። 6 ጴጥሮስ ከኣ፡ ወርቅን ብሩርን የብለይን፡ እቲ ዘሎኒ ግና እህበካ፡ ብስም የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኺድ፡ በሎ።" (ግብ 6፡1_6) ። => "ጴጥሮስ ከኣ፡ ወርቅን ብሩርን የብለይን፡ እቲ ዘሎኒ ግና እህበካ፡ ብስም የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኺድ፡ በሎ። " ንጴጥሮስ ወርቅን ብሩርን ኣይነበሮን፣ ግናኸ ካብ ወርቅን ብሩርን ኣዝዩ ዝበልጽ የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ነይሩዎ! ነቲ ጽሑፍ ቀጺልና ከነንቦ ከሎና፡ እቲ ንጎይታ ጥራይ ኪወሃብ ዝግባእ ክብሪ፡ ንጴጥሮስን ዮሃንስ ኪወሃብ ስለ እተፈተነ፡ ጴጥሮስ እንታይ ኣዝዩ ዘገርም ዘረባ ከም እተዛረብ፡ ነንብብ። "7 ብየማነይቲ ኢዱ ሒዙ ኸኣ ኣተንስኦ፡ ብኡ ብኡውን ኣእጋሩን ዓከዓካሪቶኡን ጸንዔ። 8 ስር ኢሉ ኸኣ ደው በለ ተዛወረውን። እናተዛወረን እናተሰራሰረን ንኣምላኽ እናኣመስገነን ከኣ ምሳታቶም ናብ ቤተ መቕደስ ኣተወ። 9 ኩሎም እቶም ህዝቢ ድማ ንሱ ኪኸይድን ንኣምላኽ ኪመስግንን ከሎ ረአይዎ። 10 እቲ ኣብታ ጽብቕቲ ደገ ቤተ መቕደስ ተቐሚጡ ምጽዋት ዚልምን ዝነበረ ምዃኑ ኣለልዮምዎ፡ በቲ ኣብኡ ዝኾነ ነገር ብስምባድን ብምግራምን መልኡ። 11 ኣብ ጴጥሮስን ዮሃንስን ለጊቡ ኸሎ ኸኣ፡ ኩሉ እቲ ህዝቢ እናተገረመ ኣብቲ ገበላ ሰሎሞን ዚብሀል ናባታቶም ጐየየ።" (ግብ 6፡7_11)። እብዚ ጴጥሮስ፣ ሓደ ንበዓል ጴጥሮስ ባህ ዘብል ሞጎስ፡ ዝህብ፡ ዝና ዝህብ ዝመስል፡ ግናኸ ንኣምላኽ ዘይኽብር፡ ክብሪ ኣምላኽ ዝወስድ ነገር ተመኪቱ። እቲ ኣዝዩ ዘሕጉስ ነገር ግና፥ ቀጺሉ ጴጥሮስ እንታይ ከም ዝበለ ንመልከት። "12 ጴጥሮስ ግና ምስ ረአዮም፡ ነቶም ህዝቢ መለሰሎም፡ ከምዚ ኢሉ፡ ኣቱም ሰብ እስራኤል፡ ንምንታይ በዚ ትግረሙ፡ ብገዛእ ሓይልና ወይስ ብጽድቅና ነዚ ኪኸይድ ከም ዝገበርናዮስ፡ ንምንታይ ንኣና ትጥምቱ ኣሎኹም። 13 ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን፡ ኣምላኽ ኣቦታትና፡ ንወዱ የሱስ ኣኽበሮ፡ ጲላጦስ ኪፍታሕ ምስ ፈረደሉ፡ ንስኻትኩም ንእኡ ኣሕሊፍኩም ሃብኩምዎን ኣብ ቅድሚኡ ኸሓድኩምዎን። 14 እወ፡ ንስኻትኩም ነቲ ቅዱስን ጻድቕን ክሒድኩምሲ፡ ነቲ ነፍሲ ዝቐተለ ሰብኣይ

ኪምሕረልኩም ለመንኩም። 15 ነቲ ራእሲ ህይወት ቀተልኩምዎ። ንእኡ ኣምላኽ ካብ ምውታት ኣተንስኡ፡ ንሕና ኸኣ፡ ነዚ ምስክሩ ኢና። 16 ብስሙ ምእማን ከኣ፡ ስሙ ነዚ እትርእይዎን እትፈልጥዎን ሰብኣይ ኣጽንዖ፡ እታ ብእኡ ምእማን ድማ ነዚ ኣብ ቅድሚ ኹላትኩም ምሉእ ጥዕና ሀበቶ።" (ግብ 6፡7_16) ። ተመልከቱ ጴጥሮስ እንታይ ከም ዝበለ፥ => ጴጥሮስ እንታይ እዩ ዝብል ዘሎ፤ ንሕና ኣይኮንና ኣሕዊናዮ! ጽድቅና ወይ ሓይልና ኣይኮነን ፈዊስዎ! ስም የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ እዩ ፈዊስዎ እዩ ዝብሎም ዘሎ። ግናኸ ኣብ መን ኮይኑ ፈዊስዎ፤ ብመን ገይሩ የሱስ ፈዊስዎ፤ ብጴጥሮስ ገይሩ ፈዊስዎ! እቲ ፈዋሲ የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ እዩ። እቲ መትሓዚ ናይዚ ፈዋሲ የሱስ ክርስቶስ እዚ፡ እቲ ኣቕሓ ናይዚ ፈዋሲ የሱስ ክርስቶስ እዚ፡ እቲ ማሕደር ናይዚ ፈዋሲ የሱስ ክርስቶስ እዚ፡ እቲ መቕደስ ናይዚ ፈዋሲ የሱስ ክርስቶስ እዚ ግና፡ ጴጥሮስን ዮሃንስ እዮም።

እምበኣር፡ እቲ መሰረታውን ሕመረትን (core) ሓሳብ ናይቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ እዚ ክነሱ፡ እዞም "ሰብ መንፈስ እዩ" ብዝብል ዶክትሪን እተጠምቁ ግና፡ "ንስኻ እቲ መንፈስካ ኢኻ፣ ንሳኻ መንፈስ ኢኻ፣ እቲ ሰብ ንስኻ ኢኻ፣ እዚ ስጋኻ ግና፡ ንስኻ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ናትካ ግዝኣት፡ ናትካ ምልኪ፡ ናትኻ ኣምላኽነት (ናትካ መላኺነት) ንኽትገልጸሉ እተዋህበካ ሰብርካ ጥራይ እዩ ወዘተ" እናበሉ፡ ንኣምላኽ ተወዳዲረሞ። እዚ እሞ ከኣ፡ ምስ ኣምላኽ ምውድዳር ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንኮላይ ቦታ ኣምላኽ ምውሳድ እዩ፣ ንቦታ እቲ ኣባና ሓዲሩ ግብሪታቱ ዝገብር ክርስቶስ ምትካእ እዩ፣ በመትከል ድማ፡ እዚ ጸረ ክርስቶስነት እዩ። ጸረ ክርስቶስነት፡ ንክርስቶስ ምጽራር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናይ ክርስቶስ ስፍራ ምውሳድ ከኣ ስለ ዝኾነ! ኣረ እዚ ጥራይ እውን ኣይኮኑን ኢለሞ! "ኣምላኽ ብዘይ ናትና ምፍቓድ፡ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ፡ ዘይሕጋዊ: ሕጋውነት-ኣልቦ (illegal) ኢኻ። ንሕና ጥራይ ኢና ሕጋዊ ፍቓድ (License) እንህበካ! ብዘይ ናትና ምፍቓድ፡ ኣብዛ ምድሪ ዋላ ሓንቲ ኪትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ!" ኢሎሞ! እዚ እሞ ከኣ ውድድር ወይ ከኣ ንኣምላኽ ምትካእ ዘይኮነስ፡ ኣብታ ኣምላኽ ዝፈጠራ ናይ ገዛእ ርእሱ ምድሪሲ፡ ልዕሊ ኣምላኽ ብምዃን፣ ንኣምላኽ ንባዕሉ ፍቓድ እትህቦን ፍቓድ እትኽልኦን ምዃን እዩ። እዚ ኣብዚ ዝብሎ ዘለኹ፡ ኣዝዩ ዝተጋነነ ፈጺሙ ናይ ሓሶት ጸለመን ዝመስሎ የዋህ ይህሉ ይኸውን። ንመጻሕፍቲ ማይልስ ሙንሮ ኣንብቡ። እዚ ምሉቕ ኢሉዎ ዝተዛረቦ ዘረባ ዘይኮነስ፡ ብሰፊሕ ዝማሃሮ ትምህርቲ እዩ።